ሓበሬታ ንወለዲ

# ረስኒ ዝስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት

**ኣንታይ እዩ ረስኒ ዝስዓቦም ምጭብባጥ ጭዋዳታት?**

- ረስኒ ዘስዓቦ ብጭብባጥ ጭዋዳታት ሃንደበታዊ ምቁራጽ ወይ ምንቅጥቃጥ ጭዋዳታት እዩ።
- ብገምጋም 3 ካብ 100 ቖልዑ በዚ ሕማም ይሳቀዩ።
- ብዘርኢ ክመሓላለፍ ዝኽእል ሕማም ምኻኑ ይፍለጥ።
- ኣብ ክሊ ዕድመ 6 ወርሕን 6 ዓመት ንዘለዉ ሕጻናት የጥቅዕ።
- ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ወይ ምቁራጽ ስራሕ ጭዋዳታት ሃንደበትን ኣብ መጀመርታ ምውሳኽ ዓቐን ረስኒን እዩ ዝራኤ፡ ኮይኑ ግን ልዑል ዓቐን ረስኒ ኣብ ዝሃለወሉ ኣብ ዝኾነ ግዜ ክረኤ ይኽእል እዩ።
- ስለዚ ቖልዑ ሃለዋቶም የጥፍኡ፡ ሙሉእ ኣካላቶም ይደርቕ። መብዛሕትኡ ግዜ ዓይኒ ምሉእ ብምሉእ ይኽፈትን ሕብሪ ገጽ ሰመያዊ ወይ ቀይሕ ወይ ጸምላው ይኸውን። እዚ ሕማም ምስ ጀመረ መብዛሕታኡ ግዜ ን 5 ደቂቕ ይጸንሕ። ቖልዑ ድሕር ዚ ሕማም ድንዙዛት ይኾኑ።
- ዝኸበደ ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ክበሃል ከሎ፡ እዚ ሕማም እዚ ንሊዕሊ 15 ደቂቕ ዝጸንሕ ምስ ዝኸውን ወይ'ውን ብተደጋጋሚ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ዝረኤ እንተኮይኑ ወይ'ውን ሓደ ክፋል ኣካላት ኣጥቂዑ ዘልምስ ምስዝኸውን ኣዩ።
- ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ሕማም ባርያ (epilepsy)ኣይኮነን!

**ሓደገይኛ ሳዕበን ረስኒ ዝስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት እታይ እዩ?**

- ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ናብ ሞት ክብጽሕ ከምዝኽእል ዝተፈልጠ የልቦን።
- ኣብ ግዜ ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት መጉዳእቲ ኣካላት ወይ ብዘይ ምቁጽጻር ምውሓጥ መግቢ ሳሕቲ ካብ ዝረኣዩ እዩ።
- ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ኣብ ኣእምሮን ዕቤት ሓንጎልን ዋላ ሃንቲ ሳዕበን የብሉን።
- ናብ ሕማም ባርያ ናይ ምምዕባል ተኽእሎ ውሑድ እዩ።
- ረስኒ ተኸቲሉ ሓደገኛ ሕማም ክመጽእ ይኽእል እዩ። ኩሉ ግዜ ብድሕር ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ዶክተር ምውካስ ኣገዳሲ እዩ።

## ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ክሓዊይኽእል ድዩ ?

- መብዛሕትኦም ቖልዑ ብሓደ ዓይነት ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ይሳቀዩ።
- ከባቢ 30% ካልኣይ ዓይነት ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ዘለዎም ኮይኖም፡ ከባቢ 10% ሳልሳይ ዓይነት ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ዘለዎም እዮም።

## እንታይ ክግበር ይከኣል ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ንምክልኻል ?

- ክሳብ ሕጂ ዝተፈልጠ ፍወሳ ናይ ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ምሉእ ብምሉእ ንምክልኻል የለን።
- ኣብ ዝተናወሔ ምፍዋስ ብ antiepileptic ዝበሃል መድሃኒት ክሰርሕ ኣይከኣለን ምኽንያቱ ብዘኸትሎ ዝተፈላለዩ ሳዕቤናት።
- prophylactic ዝተባህለ መድሃኒት ጸረ ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ከምዝሰርሕ ክሳብ ሕጂ ኣይተረጋገጸን።.

## ኣብ ግዜ ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት እንታይ ክገብር ኣለኒ?

1. ርጉኡ ምኻን! ዋላ'ኳ ከሙኡ እንተዘይ መሰለ፡ ረስኒ ዘስዓቦ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ሓደገኛ እይኮነን።
2. ኣብ ግዜ ሕማም ንውላድካ ክሃስዩ ዝኽሉ ኣቅሑ እለዮም።
3. ንኽንደይ ግዜ ከም ዝጸንሕ ንምፍላት ሰዓት ተኸታተል ።
4. ምጭብባጥ ጭዋዳታት ካብ 5 ደቂቕ ንላዕሊ ምስዝጸንሕ diazepam micro-ene-mas ዝበሃል መድሃኒት (5 mg ንትሕቲ 1 ዓመት ወይ'ከኣ 10 mg ንልዕሊ 1 ዓመት) ብመቀመጫ ብምሃብ ክንቆጻጸሮ ንፍትን።
5. ኣብ ዝቀጸለ 10 ደቂቕ ክቓርጽ ምስዘይከእል ቀዳማይ ረድኤት ደውል(tel. 144)።
6. ገሊኦም ህጻናት ድሕር ምጭብባጥ ጭዋዳታት የምልሱ እዮም፡ ስለዚ ድሕሪ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ብኣፍ ልቡ ክነቀምጦም ኣለና።

እዚ ሕማም ምስ ጀመሮ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ኣደልዲልና ብምሓዝ፡ ብሓይሊ ኣፉ ብምኽፋት ኣብ መንጎ ኣስናኑ ዝኮነ ነገር ክነእትወሉ ክንክእል ኣሎና (ከም ኣብነት ቢሮ)፡ ድሕሪ እዚ ኩነታት ቖልዑ ስለዝድንዝዙ (ኣብ ግዜ ሕማም ሕብሮም ሰመያዊ ይኸውን) ማይ ክነፍስሰሎም ይግባእ።

UNIVERSITÄTS-
KINDERSPITAL
ZÜRICH

Das Spital der
Eleonorenstiftung

Kinderspital Zürich - Eleonorenstiftung
Steinwiesstrasse 75
CH-8032 Zürich

www.kispi.uzh.ch